ካብ "ትምህርቲ ቅ. መጽሓፍ"
፩ይ መጽሓፍ
ብኣባ ኣማኑኤል ምስጉን ማ.ገ.ኣኃው ካፑቺን
(ገጽ 43 - 50)

# ተመሳሰልቲ ወንጌላውያን

## ማቴዎስ ፡ ማርቆስ ፡ ሉቃስ።
(ቀዳማይ ክፋል)

ወንጌል ማቴዎስን ማርቆስን ሉቃስን ተጠንቂቕና ምስ እነንብቦም ተመሳሳሊ ምዕራፍትን ጥቕስታትን ንዕዘብ። ኣብ ገሊኡ ቃላት ግን ፍጹም ርክብ ዘይብሉ ኣዘራርባ ክርስቶስ ንረክብ። ተመሳሳልነቶም ተመልኪትና ተቐዳዲሖም እዮም ኪንብል ንኽእል፡ እንተኾነ ከዓ ንገሊኡ ዘረባታት ክርስቶስ ኪጠቕሱ እንከለዉ ዝተፈላለየ ቃላት ስለዘመዝግቡልና ካልእ'ዶ'ኾን ቀዲሖም ኣብ ዚብል ጥርጥር ንወድቕ። ነዚ ግድል'ዚ ኪፈትሑ ብዙኃት ሊቃውንቲ ብርቱዕ መርመራ ብምግባር ዝተፈላለየ ሓሳብ የውድቑ። ቅድሚ ናብ ሓሳቦም ምሕላፍና እምበኣር ንሕና'ውን ኣብዚ ናይ ሎሚ ትምህርቲ ተመሳሳልነቶም ክንርኢ ኢና፡ ኣብዚመጽእ ትምህርቲ ፍልልዮም ርኢና ናብ ሓሳብ ምሃብን ምስ ወንጌል ዮሓንስ ዘሎ ፍልልይን ክንኀልፍ ኢና።

### ፩ - ተመሳሳልነት

ኣብ ኣቀራርባ ታሪኽ ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ማቴዎስን ማርቆስን ሉቃስን ፍጹም ስምምዕ ኣለዎም። ኢየሱስ ብዙኅ ተኣምራት ከምዝፈጸመን ብቓሉ ከምዝመሃረን፡ ግን ከዓ ኵሉ ከምዘይተጻሕፈ ኣብ ብዙኅ ዓድታት ከም ዝሰበኸ ሰለስቲኦም ወንጌላውያን ይሰማምዕሉ (ማቴ 9፡35፡ ማር 1፡39፡ ሉቃ 8፡ 6)። ኣብ ሓፈሻዊ ኣመቓቕላ ጽሑፋቶም'ውን ሓደ መልክዕ ይሕዙ።

| ኣርእስቲ | ማቴዎስ | ማርቆስ | ሉቃስ | ዮሓንስ |
|---|---|---|---|---|
| ኢየሱስ ኣብ ገሊላ | 4፡ 12 | 3፡ 17 | 3፡ 19 | 4፡ 1-3 |
| ኢየሱስ ኣብ ኢየሩሳሌም | 21፡10 | 11፡ 1 | 10፡ 29 | 12፡ 12 |
| ሕማማት | 27 | 15 | 23 | 19 |
| ሞት | 27 | 15 | 23 | 19 |
| ትንሣኤ | 28 | 16 | 24 | 20 |

#### ብጠቕላልኡ ክንርእዮ

ማቴዎስ 42% (42 ካብ ሚእቲ) ናቱ ናይ በይኑ ክጽሕፍ ከሎ 58% (58 ካብ ሚእቲ) ዝቐድሖ ይመስል፡ ማርቆስ 7% (7 ካብ ሚእቲ) ጥራይ እምበር ካልእ ኵሉ ኣብ ካልኦት ወንጌላውያን ይርከብ፡ ሉቃስ ድማ ብ59/100 (ብ59 ካብ ሚእቲ) ካብቶም ካልኦት ይፍለ።

ዮሓንስ ማስዞም ተመሳሰልቲ ወንጌላውያን ብዙኅ ርክብ ስለዘይብሉ ዳርጋ ኵሉ ጽሑፉ 94% (94 ካብ ሚእቲ) ናቱ ይመስል።

#### ብጥቅሲ እንተደሊና

ካብ 1070 ጥቅስታት ወንጌል ማቴዎስ 330 ጥራይ ናይ በይኑ ይኸውን።
ማርቆስ 677 ጥቅስታት ኣለዎ ግን ብዘይካ 68 ካልእ ኵሉ ቅዳሕ ይመስል።
ሉቃስ ከዓ ካብ 1151 ጥቅስታት ናቱ ናይ በይኑ ዝኾነ 612 ጥራሕ እዩ።

**ኣብ ኣሰራርዓ ምዕራፋት'ውን ተመሳሳልነቶም ይርኤ፥ ንኣብነት ሠለስቲኦም ኣኪታቲሎም፥**

ስብከት የውሐንስ መጥመቕ፥ ጥምቀት ጐ.ኢ.ክርስቶስ ኣተሓሒዞም ይዛረቡሉ።
ንማዕበል ከምዘህድኤ፥ ኣጋንንቲ ንዝኀደርዎ ከምዘሕወየ፥ ንሓደ መጻጉዕ ከምዘኀወየ፥ ጸዋዕታ ማቴዎስ ወንጌላዊ፥ ክርክር ብዛዕባ ጾም፥ ንጓል ሐለቓ ቤተ መቅደስን ደም ንዝፈሳ ሰበይቲን ከምዘሕወየ ኣተሳሲሮም የዘንትውዎ።
ከምኡ'ውን ናይ ጴጥሮስ ሽመትን እምነትን፥ መጀመሪያ ትንቢት ብዛዕባ ሕማማት፥ ተኣምር ደብረ ታቦር፥ ጋኔን ንዝኀደሮ ከምዘሕወየ፥ ካልኣይ ትንቢት ብዛዕባ ሕማማት ኣብ ሓደ ጠርኒፎም ኬቕርቡልና ይርከቡ።

**ሓድሓደ ግዜ ኣብ ኣቀራርባን ኣጻሓሕፋን ኣዝዮም ስለዝመሳሰሉ ዝተቀዳድሑ እምበር ዝተፈልዩ ደረስቲ ዝጻሓፍዎ ኣይመስልን። እስኪ ከነወዳድሮ፥**

| ኣርእስቲ | ማቴዎስ | ማርቆስ | ሉቃስ |
|---|---|---|---|
| ንሐማት ጴጥሮስ ከምዘሕወየ | (8፡14-17) | (1፡ 29-34) | (4፡ 38-41) |
| ጸዋዕታ ሌዊ (ማቴዎስ) | (9፡ 9-10) | (2፡ 13-22) | (5፡ 27-39) |

## ንሐደ መጻጉዕ ከምዘሕወየ

| ማቴዎስ 9፡ 5-7 | ማርቆስ 2፡ 9-11 | ሉቃስ 5፡ 23-24 |
|---|---|---|
| "ኣየናይ ይቐልል፡ 'ሓጢኣትካ ተኀዲጉልካ' ምባልዶ፤ ወይስ 'ተንሥእ'ሞ ኪድ' ምባል፤ እምበኣር ወዲ ሰብ ኣብ ምድሪ ኃጢኣት ኪኀድግ ሥልጣን ከም ዘለዎ ምእንቲ ክትፈልጡ" ቢሉ፣ ሽዑ ነቲ መጻጉዕ፡ "ተንሥእ ዓራትካ ኣልዒልካ ንገዛኻ ኪድ" በሎ። | "ስለምንታይ ብልብኻትኩም ከምዚ እትሓስቡ? ኣየንኡ ይቐልል፡ ነዚ መጻጉዕ "ኃጢኣትካ ተኀዲገልካ" ምባልዶ ወይስ "ተንስእ ዓራትካ ኣልዓልካ ኪድ" ምባል፣ ግናኸ ወዲ ሰብ ኣብ ምድሪ ኃጢኣት ኪኀድግ ሥልጣን ከምዘልዎ ምእንቲ ክትፈልጡ፡ ቢሉ- "ነቲ መጻጉዕ 'ተንሥእ፡ ዓርትካ ኣልዓልካ ናብ ቤትካ ኪድ እብላካ ኣሎኹ" በሎ። | ኃጢኣትካ ተኀዲጉልካ ምባልዶ ወይስ ተንሥእ እሞ ኪድ ምባል፡ ኣየንኡ ይቐልል-እምበኣር ወዲ-ሰብ ኣብ ምድሪ ኃጢኣት ኪኀድግ ሥልጣን ከምዘሎዎ ምእንቲ ክትፈልጡ ቢሉ ነቲ መጻጉዕ ተንሥእ ዓርትካ ኣልዓልካ ንገዛኻ ኪድ እብለካ ኣሎኹ፥ በሎ። |

## ለምጻም ሰብኣይ ከምዝነጽሔ

| ማቴዎስ 8፡ 2-4 | ማርቆስ 1፡ 40-44 | ሉቃስ 5፡ 12-14 |
|---|---|---|
| እኒሆ'ውን ሓደ ለምጻም ናብኡ ቀሪቡ "ጐይታይ እንተደኣ ደሊኻስ ከተንጽሓኒ ትኽእል ኢኻ" እናበለ ሰገደሉ። ኢየሱስ ከዓ ኢዱ ዘርጊሑ ተንከዮ "ድላየይ ኢዩ፡ ንጻሕ" እውን በሎ። ብኡብኡ ድማ ካብ ለምጹ ነጽሔ። ኢየሱስ ከዓ "ኪድ፡ ናብ ካህን ተረኤ፡ ንኢታቶም ምስክር ምእንቲ ክኸውን፡ እቲ ሙሴ ዚኣዘዞ መባእ ኣቕርብ ግን ንሓደ'ኳ ከይትነግር ተጠንቀቕ" በሎ። | ሓደ ለምጻም ናብኡ መጽኤ ተምበርኪኹውን "እንተደኣ ደሊኻስ ከተንጽሓኒ ትኽእል ኢኻ" ቢሉ ለመኖ ኢየሱስ ራኀርኀሉ ኢዱ ዘርጊሑ ከዓ ተንከዮ ድላየይ ኢዩ ንጻሕውን በሎ። እቲ ለምጹ ድማ ብኡብኡ ኀደጎ፡ ነጽሔ። ኢየሱስ ከዓ "ኪድ ናብ ካህን ተረኤ፡ ንኢታቶም ምስክር ምእንቲ ኪኸውን ከዓ ከምቲ ሙሴ ዝኣዘዞ ክንዲ ዝነጻሕካ መባእ ኣቕርብ እምበር ንሓደ'ኳ ከይትነግር ተጠንቀቕ" እናበለ ገኒሑ ሰደዶ። | ንሱ ኣብ ሓንተ ዓዲ እንከሎ እኒሆ ኵሉ ሰውነቱ ለምጺ ዝሓዞ ሓደ ሰብኣይ ኣብኡ ነበረ ንኢየሱስ ምስ ረኣዮ ኣብ ቅድሚኡ ወዲቑ "ጐይታይ ድላይካ እንተድአ ኮነስ ከተንጽሓኒ ትኽእል ኢኻ" ቢሉ ለመኖ። ንሱ ሽዑ ኢዱ ዘርጊሑ "ድላየይ ኢዩ ንጻሕ" እናበለ ተንከፎ ብኡብኡውን እቲ ለምጺ ኀደጎ ቀጺሉ ከዓ "ኪድ ናብ ካህን ተረኤ ከምቲ ሙሴ ዚእዝዞውን ንኢታቶም ምስክር ምእንቲ ኪኸውን ክንዲ ዝነጻሕካ መባእ ኣቕርብ እምበር ንሓደ'ኳ ኣይትንገር" ቢሉ ኣዘዞ። |